## ባሮኾት ኣሜርካ ንወያኔ ኣብ 1998 ዝገበሮ ወራር ዘይጠቐሞ፡

## ሎሚ ከመይ ኣቢሉ ክርብሖ!

ቁሩብ ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ምስ እንዝክር እቲ ኣብ 1998 ዓ.ም. ብመንግስቲ ኣሜሪካ ባሮኾት ጃንዳ ወያኔ ዝወለዖ ኲናት ንመን ኣርቢሑ ኢልና ምስ እንሓትት ንዋላሓደ ኣይጠቐመን። ንመንከ ጎዲኡ ምስ እንብል ንክልቲኡ ኣህዝብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃሰዩ። ወያኔ ድኣ እንታይ ክሽስብ'ዩ ወሊዕዎ? ወያኔ ቅድሚ ኣብ ኲናት ምእታዉ ውጥን ናይ ምውጻእ ኣፍልጦ የብሉን። ድሕሪ ኲናት'ውን ክሳርኡን መኸሰቡን ከመዝን ዝኽእል ኣእሙሮ የብሉን። ነይሩዎ እንተዝኸውን ነዚ ናይ ወርሒ ሰነ ዕለት 12, 2016 ዝፈተኖ ወራር ኣይመበገሰን። ኣብ 1998 ዝገበሮ ወራር ካብ ሰራዊቱ ካብ 100.000 ንላዕሊ ከም ዝሞቱዎን፡ ክንዲ ዕጽፉ ከም ተዎግእዎን በተን ኣብቲ እዋንቲ ዝነበራ ናይ ወጻኢ ጋዘጠኛታት ተመስኪሩ ኔሩ። ንሕና'ውን ብወገና ብሰንኪ'ዚ ሰራም ስርዓት ክንከፍሎ ዘይግባኣና ምሩጻት ኣሓትናን ኣሕዋትናን ከፊልና ኢና። እቲ ብዋርሳይ እካእሎ ዓለም ዘገረመ ዓወት ንወያኔ ኣብ ምፍሓር መቓብር ሓርበኛታትና እዩ ኣድሂቡሉ።

መንግስቲ ኣሜርካ ኣብ 1998 ዓ.ም. መሪቓ ከምዘየፋነወት ፍሽለት ህ.ወ.ሓ.ት. ምስ ተዓዘበት ካብኡ ንላዕሊ ኪይብእስ ብቕጥታ ክስሕቡ እያ ትእዛዝ ሂባ። መሪሕነት ጃንዳ ኣተሃድማ ዕቡያት ጌሩ ጌና ሬሳታቱ ከይቀበረ፡ ውጉኣቱ ከየልዓለ ተዓዊትና እናበለ ኣብ ፈቆዶ ኣደባባያት ኢትዮጵያ ከፍክርን ከምድር ጠሩምባ ሓሶት ክነፍሕን ተራኣየ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ግን ሕቶ ኔሩዎ። ደቕና ኣበይ ኣሎዉ? መዓስዮም ዝምለሱና? ካብ ኲናት'ከ እንታይ ረቢሕና? ዝብሉ ሕቶታት ከም ውሕጅ ወሓዝዎ። መልሲ ጃንዳ ግን ቅኑዕ ኣይነበረን።

1) ንሻዕብያ ሲዒርናዮም።

2) ሰራዊትና ብውሑድ ክሳራ ዓወት ሰሪሑ ወጺኡ።

3) ደቓኹም ክመጽኹም እዮም ዝብል ነብሰ ምትእምማን ዘይብሉ ተስፋ መለሰሎም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሕቶታት ምስ ኣጨነቖ። ባዕልኹም ትፈልጡ ዘይተመልሰ እንተሎ ንሻዕብያ ኢዱ ሂቡ ይኸውን፡ ውይድማ ሃዲሙ ይኸርውን። ካብ ሕጂ ንድሕሪት ከይትሓቱ ተባሂሎ ኣፉ ከም ዝለጎም እዩ ኮይኑ። ደቀን ዝወፈሩወን ኣደታት ኢትዮጵያ ልቕሶ ብዘይ ሬሳ ኮይነን እነብራ ኣለዋ። ጃንዳ ነዚ ናይ 1998 ጓሂኡ ዘይሃሰሰ ህዝቢ እንደገና በሰሉኡ ምድማይ እንታይ ኣድለየ።

ወያኔ ብናይገዛእ ርእሱ መደብ ዝካየድ ስርዓት ኣይኮነን። ኣብ ምጽወታ ተሞርኲሱ ዝነብር ስርዓት ስለ ዝኾነ ዝተዋሕቦ ትእዛዝ ብዘይ ምምማይ ክቕበል ግዱድ እዩ። እዚ ብወርሒ ሰነ 12, 2016 ዝተገብረ ፈተነ ወራር'ውን ባዕሉ ዘንቀዶ ከምዘይኮነ ለባማትን ተኸታተልቲ ፖሎቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃን ብዓቢኡ ከኣ መንግስት ህዝብን ኤርትራ ይፈልጡ። ሰራዊት ጃንዳ ዝኣኽሎም ምስ ተጨልገሙ እቲ ብድሕሪ ምርጋረጃ ኮይኒ ውረሩ ዝበለ፡ ሕጂ'ውን ከም ኣመሉ ዓቕሚ ሰራዊት ጃንዳ ምስ መዘነ ጠፋእኩም ነብሲኹም ኣውጹኡ እዩ ኢሉ። ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ። ንክልትኤን መንግስታት ከኣ ብዘይ ቕድመ ኲነት ውግእ ደው ክብላ እዩ ጸዊዑ። ጃንዳ ከም ኣመላ ጭርአ ከም ጭራ ከምልቢ ደጉላ ንብረታን ረስኣን ዛሕዚሓ ንድሕሪት ክንዮ እቲ ተበገሰትሉ ስፍራ ክትሃድም'ያ ተርእያ።

ደቂ እዛ ለዋህ መሬት ኤርትራ ንሰራዊት ጃንዳ ኣባሪሮም ንመሪሕነት ጃንዳ መልሓሶም ከቕርጥሞም ዝኽኣለ፡ ካብ ሰራዊት ህ.ወ.ሓ.ት. ስለ ዝበዝሑ ድዩ? ካብሰራዊት ኢትዮጵያ ንዕሊ ኣጽዋር ስለ ዝተዓጥቁ? ወይ ብናይ ሓያላን መንግስታት ስለ ዝተደገፉ? ካብዚ ሰለስተ ነጥብታት ዝተጠቕሰ ሓንቲ የብሎምን። እንታይ ስለ ዘውኑኑ ድኣ? 1) ቅኑዕ መትከል። 2) ሓቅነነት። 3)ነብሰ ተኣማምነት። 4)ቆራጽነት። 5) ስነስርዓት። 6) ጥቡቕ ዝምድና ሰራዊትን መንግስትን ህዝብንል። ትሕትናን። 7)ሓላፍነት።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።